ብናይ መደበኛ በጀት ካብዚ ንታሕቲ ዝተገለፁ ሕድ ሕድ ሎት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ኣቕሑት ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም ጥቅምቲ 13, 2008 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 30, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:ማይ ፀብሪ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:20
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን:
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

በዚ መሰረት ካብዚ ንታሕቲ ዝተገለፁ ረቋሒታት ብምምላእ ተታሓሒዙ ዝቐረበ ዝርዝር መሰረት ናይ ጨረታ ሰነድ ካብ ኢንስተትዩት ምርምር ሕርሻ ትግራይ ቢሮ ቑፅሪ 09 ጨረታ ሰነድ ብምዕዳግ ትጫረቱ ከምትክእሉ ነፍልጥ

ሎት 1 ናይ መኪና መለዋወጢ ኣቑሑት (Spare parts)

ሎት 2 ናይ ፅሕፈት መሳርሒ (Stationary)

ሎት 3 ናይ ፅሬት ኣቑሑት

ሎት 4 ናይ ህንፃ መሳርሒ

1 ብተዛመዲ ስራሕ ዝተሃደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ ኮፒ ከቕርብ ዝክእልን ኣብ ናይ መቐረባይ ዘተመዝገብን ግብሪ ምክፋሉ ምስክር ወረቀት ኮፒ ከቕርብ ዝክእል

2 ናይ መኪና መለዋወጢ ጨረታ መትሓዚ ብር 3000 (ሰለስተ ሽሕ) ብማእከል ምርምር ሸረ ማይፀብሪ ዝተሰርሐ CPO ከትሕዙ ይግባእ

3 ናይ ፅሕፈት መሳርሒ ህንፃ መሳርሐን ጨረታ መትሓዚ ብር 2000 (ክልተ ሽሕ) ብማእከል ምርምር ሸረ ማይፀብሪ ዝተሰርሐ CPO ከትሕዙ ይግባእ

4 ናይ ፅሬት ኣቁሑት መትሓዚ ብር 1000 (ሓደ ሽሕ) ብማእከል ምርምር ሸረ ማይፀብሪ ዝተሰርሐ CPO ከትሕዙ ይግባእ

5 ተጫረቲ ናይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ተመዝገብቲን ናይ ወርሒ ነሐሰ 2007 ዓ/ም ዲክለር ዝገበርኩም መዳእታ ፈፎቶ ኮፒ ኽቕርቡ አለዎም

6 እቲ ጨረታ ብክልተ ኢንቨሎፕ ተዓሺጉ ኽቕርቡ ዘለዎ እንትከዉን ዋንኡ/ኦርጅናል ምስ ኮፒ ሰነድ ናይቲ ትካል በዓል ስልጣን ፊርማን ማሕተምን ክህልዎ ይግባእ ናይ ንግዲ ፈቃድ: ቲን ዝተመዝገቡ :ቃለ መሓላ : ናይ ኣቅራባይ ምዝገባ ምስክር ወረቐት CPO ወዘተ ዘድሊ ሰነድ ብኦርጅናል ዶክመንት ከተሓሓዝ አለዎ

7 ሰነድ እቲ ጨረታ አብ ቢሮ ቑፅሪ 09 ዘይምለስ 20 (ዒስራ ብር) ከፊሎም ብምዉሳድ አብ ዝተዳለወ ሳፁን ምእታዉ ይክእሉ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ከምኡዉን ተጫረቲ ብዘቐረብዎ ናይ መወዳደሪi ሓሳብ ሸሞም ፊርማን ኣድራሻን ክገልፁ አለዎም

8 ተጫረቲ ኣብ ጨረታ ሰነድ መብረሂ ወይም ናይ ምምሕያሽ ሕቶ እንተሃሊዩም ቐደም ካብ ዘተወሰነ ግዜ ገደብ ብስልኪ ቁፅሪ 03 44 44 05 49 ክሓቱ ይኽእሉ

9 ጨረታ ኣብ አየር ዝፀንሐሉ ካብ ዕለት 12/02/2008 ዓም እስካብ 30/02/2008 ዓ/ም ኮይኑ ዕለት 30/2/2008 ዓም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ አብዚ ዕለት እዙይ ማለትዉን 30/02/2008 ዓም ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይም ድማ ሕጋዊ ወከልቶም አብ ዝተረከብሉ አብ ኢንስቲትዩት ምርምር ሕርሻ ትግራይ ቢሮ ቁፅሪ 09 ይክፈት ይኹን እምበር ተጫረቲ ጨረታ አብ ዝክፈተሉ ግዘ እንተዘይተረኪቦም እቲ ጨረታ ካብ ምክፋት ኣይተኣጋጉልን

10 ማእከል ምርምር ሕርሻ ሸረ ማይፀብሪ ዝሐሸ አማራፂ እንተረኪቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

አድራሻ : ዒላላ ፈልሲ ጣብያ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle